**ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ**

الجبهة الديمقراطية الثورية الاريترية

**ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT**

# ውዕሎታት ታሪኻዊ 7ይ ውድባዊ ጉባኤ
# ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ /ሰደግኤ/

20 ለካቲት 2017

7ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ፡ ብመሰረት ዝሓዞ ትልሚ-ዕዮ ስሩዕ ኣጀንዳታቱ ንምርኣይ ትማሊ'ውን 20 ለካቲት 2017 ኣብ ጽዑቕ ምይይጥን ክትዕን ተጸሚዱ ውዒሉ።




በዚ መሰረት ኣብ ናይ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ፡ ንዝቐረበ ንድፊ ሰነድ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ ብዝርዝር ዝረኣየ ጉባኤተኛ፡ ዓሚቕን ሰፊሕ ክትዓት ኣካየደ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሕጥቦ ዓንቀጽ ካብ ቃል ክሳብ ትሕዝቶ ኣዳቒቑ ዝዘተየ ጉባኤተኛ፡ ንመሰረታዊ መቕሚያታት ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ ውድብና ዳግም ብምቕባል፡ ብሙሉእ ድምጺ ጉባኤተኛ ኣጽዲቕዎ።

ካብ'ዚ ብምቕጻል ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ፡ ርሱን ክትዓት ዘካየደሉ ኣጀንዳ ንድፊ ሕገ-ህንጻ'ዩ። 7ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ፡ ኣቐዲሙ ንዘጽደቖ ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ፕሮግራም ንምዕዋት፡ ከም ውድብ መድረኻዊ ግቡኣቱ ንምብርካትን ተርኡ ንምብራኽን ዘኽእሎ ናይ ኣረኣእያን ተግባርን ሓድነት ፈጢሩ፡ ጥሙር ቅልጽሙ "ህዝብን ሃገርን ካብ ሓደጋ ብርሰትን ምብትታን ንምውሓስ" ዘኽእሎ ዓንዲ ሕገ-ህንጻ ግቡእ ኣቓልቦ ሂቡ'ዩ ዘትዩሉ። በዚ መሰረት ድማ ጉባኤተኛ ንገለ ምዕራፋትን ዓንቀጻትን ሕገ-ህንጻ ካብ ሕሉፍ ተሞኩሩኡ ንዘዋህለሎም ብልጫታትን ንህልው ኩነታትን ኣብ ጸብጻብ ብምእታው ኣገደስቲ ምምሕያሻት ብምግባር፡ ብድምጹ ኣጽዲቕዎ።















7ይ-ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ፡ ትማሊ 20 ለካቲት 2017 ካብ ውሽጡ፡ ንድፊ ፖሎቲካዊ ውሳኔታትን ደምዳሚ ኣዋጅን እተዳሉ ሽማግለ መዘዘ። በዚ መሰረት ሎሚ 21 ለካቲት 2017 ንድፊ ፖሎቲካዊ ውሳኔታት ተመያይጡ ብሙሉእ ድምጺ ምስ ኣጽደቖ።






ድሕሪ'ዚ 7ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ፡ ንዘጽደቆም ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ መደብ ዕዮ፣ ሕገ-ህንጻ፣ ፖለቲካዊ ውሳኔታት፣ ዝሓንጸጾም እስትራቴጂታትን መደባትን ዘተግብር ማ/ሽማግለ ንምምራጽ ዘኽእሎ ቅድመ-ምድላው ኣካየደ። ፕረዝድየም 7ይ ውድባዊ ጉባኤ ብመሰረት ኣብ'ዚ ጉባኤ ዝጸደቐ ሕገ-ህንጻ ውድብ፡ ዝተረቑሖ ሕጹያት ብ1/3 ድምጺ ደገፍ ጉባኤኛታት ምርካቦም እናረጋገጸት፡ መስርሕ ሕጸ መርሓቶ። ኣብ መወዳእታ ድማ ካብ ሕጹያት ነጻ ዝኾኑ ብቀጥታዊ ተሳትፎ ኣባላት ጉባኤ ተመሪጾም፡ መስርሕ መረጻ ኣባላት ማ/ሽማግለ ከፊጽሙ ብምግባር ፕረዚድየም 7ይ ውድባዊ ጉባኤ ዝሃባ ሓላፍነት ብዝግባእ ፈጺማ ብክብሪ ተሰናበተት።









ድሕሪ'ዚ፡ ኣማራጺት ሽማግለ መድረኽ እናመርሐት ጉባኤተኛ ንዝቕጽሉ 3 ዓመታት፡ ኣባላት ማ/ሽማግለ ሰደግኤ ኮይኖም ውድብ ከሰጋግሩ ይኽእሉ'ዮም ንዝበሎም ሕጹያት ብደሞክራሲያውን ሚስጢራውን ኣገባብ ድምጹ ክህብ ጀሚሩ። ብመሰረት ጉባኤተኛ ዝሃቦ ድምጺ ካብ ዝቀረቡ ሕጹያት ተወዳደርቲ ሙሉኣትን ተጠባበቕትን ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ብዝረኸብዎ ብዝሒ ድምጺ ተረጋገጸ። ብኣማራጺት ሽማግለ ድማ፡ ኣብ መጋባእያ 7ይ ውድባዊ ጉባኤ ውጽኢቱ ብወግዒ ተኣወጀ።

ብመሰረት ዝተታሕዘ ትልሚ-መደብ፡ ሎሚ 21 ለካቲት 2017 ስነ-ስርዓት ምዝዛም 7ይ ውድባዊ ጉባኤ ምኽንያት ብምግባር ወከልቲ መሓዙት ውድባት ኣብ ዝተረኽብሉ ድሙቕ ጽንብል ክዛዛም ትጽቢት ከም ዝግበር ተፈሊጡ።

**ሽማግለ ዜናን ስነዳን**
**7ይ ውድባዊ ጉባኤ**
**ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግባር ኤርትራ /ሰደግኤ/**
21 ለካቲት 2017